# ብዛዕባ ትማልን ጽባሕን ዘይሓስብ እንስሳ ጥራሕዩ።

## ካልኣይ ክፋል

ንመዘኻኸሪ፡ ኣብ ቀዳማይ ክፋል፡ ፖለቲካዊ ኣረኣእያኡ፡ ማእከሉ ናይ ውልቀ ሰብ ስምን ዝናን ምቅንጃውዩ። ከይደ እንተኢሉ ከኣ ጉጅላዊ ረብሓ ብዘምጽእ ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስያውን ኣተሓሳስባ ዝተቓነይዩ። ተግባሩ ድማ ፋሽሽታዊዩ። እኩብ ድምር ናይ ዘይህዝባውነቱ፡ ዘይሕጋውነቱ፡ ፋሽሽታዊ ተግባሩን መግለጺ ድማ፡ ብዛዕባ ትማልን ጽባሕን ዘይሓስብ እንስሳዊ ባህሪኡዩ ኣብ ዝብል ኢና በጺሕና ነይርና። ካልእ ክፋሉ እነሆ፡-

እዚ ናይ ጥፍኣት ዕስለ፡ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ስልጣን ብኢደ ወነኑ ተቖጻጺሩ ዘሎ ሓይሊ ከም ምኻኑ መጠን፡ ከም ህዝዝብን ሃገርን ብሓላፍነት ናይ ምምራሕ ሕጋዊ ፍቓድ ዘለዎ ገይሩዩ ገዛእ ርእሱ ዝኣምንን ዝገልጽን። ከም ናይዚ መረጋገጺ ከኣ፡ ህዝባዊ ሃገራዊ ቅዋም ኣብ ዘይብሉ፡ ህዝባዊ ሃገራዊ ባይቶ ኣብዘይተጣየሰሉ፡ ህዝባዊ ሃገራዊ መረጻ ኣብዘይተኻየደሉ፡ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ብህዝቢ ዘይኮነ ብጃንዳዊ ውዲታዊ ጉጅለ ኣቢሉ ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ኣብ ዝተሰምየ ውልቀ ሰብ ምሉእ ምሕረት ወዲቑ ንረኽቦ።

ንሱ ዘቑመንን ዘፍርሰንን ብሚኒስትሪታት ዝጽወዓ ኣብያተ ጽሕፈታትን፣ ንዓኣኣተን ከካይድሉ ዝመደቦም ፖለቲካዊ ህይወት ዘይብሎም ስማውያን ሚኒስተራት፣ ዞባታትን ንኡስ ዞባታትን ኢሉ ዝገልጾን ምምሕዳራትን ንዓታተን ዝመርሑ መልእኽቲ ጥራሕ ዘበጻጽሑን ዘፈጽሙን ስማውያን ኣመሓደርትን፣ ንዝምድናታት ወጻኢ ዝምልከት፡ ኤምባሲታትን ቆንስላን ኣብያተ ጽሕፈታትን ንዓታተን ክመርሑ ብዝብል ሽፋን ኣብዘይ ሕጋዊ ንግዲን መሸጣ ዜጋታቶም ዝነጥፉ ስማውያን ኣምባሳደራት  ምህላዎምዩ።

ከምኡውን ብሓይልታት ምክልኻል፡ ሃገራዊ ድሕነት፡ ሃገራዊ ፖሊሱ፡ ፍሉይ ኣሃዱ ‰ወዘተ ዝጽውዑ ናይ እኹባት ሰብ ብረት ውዳቤታትን ንዕኡ ዝመርሑ ኮለኔላትን ጀነራላትን፣ ነገርቲ መርድእ ዝኾና ማዕከናት ዜናን ሓበሬታን ንዓኣተን ዝመርሑን ዘካይዱን ካብ ሞያ ጋዜጠኝነት ዝእዝዞ ስነ-ምግባር ወጻኢ፡ ኣብ ምቅንጃው ዝና ሓደ ሰብን ጉጅለኡን ምድንጋር ህዝብን ምጉህሃር ጽልእን ኲናት ዝነጥፉ ካድራት ጋዜጠኛታትን ውዕሎን ኣተሓሳስባን ብጽሞና ብምክትታል  ብዛዕባ ትማሊ ዝዝርክ፡ ብዛዕባ ጽባሕ ድማ ዝእምት ሰባዊ ኣተሓሳስባ፡  ሳዕሪ ብላዕ እንስሳዊ ኣተሓሳስባ ጎሊሁ ከም ዝረአ ንምርዳእ ኣየጸግምን።

እዚኦም ኩሎም ኣብ ሕጋውያን ደሞክራስያውያን ስርዓታት ዓበይቲ ትካላትዮም። ኣብኡ ዝምደቡ ሰባትውን ከም ስልጣን ዓቢ ስልጣንዩ። ኣብ ኤርትራ ዝግበር ዝግበርረን ዝግበር ዘሎ ግን ኩሉ ኣፍልጦን ፍቓድ ህዝቢ ዘይብሉን ዘይሕጋዊ ትካላትን ሓላፍነትንዩ። ኣብዚ በፍጹም ንህዝባውን ሕጋውን ልዕልነትን ዝቐበልን ዘኽብርን ሕልና ኣይረአን። እዚኦም ኩሎም ናይ ጉጅለ ህግደፍ በሓትን ንዓይ ጥራሕ ይጥዓመኒ እንስሳዊ ኣተሓሳስባን ›ምበር፡ ሰብኣውን ህዝባውን ኣተሓሳስባ ከም ዘለዎ ዘመልክቱ ኣይኮኑን። እዚኦም ኩሎም እዚ ህዝቢ ትማሊ ብዝኸፈሎ መስዋእትን ዘመዝገቦ መስተንክራዊ ድሙቕ ዓወታትን፣ ኩሉ ሸነኻዊ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣኡን ዝግደሱን ብሓላፍነታዊ ስምዒት ዝዕቅቡን ናብ መጻኢ ወለዶ ድማ ዘሰጋግር ሕልና የብሎምን።

ህግደፍ ኢደ ወነናዊ ስልጣን ካብ ዝቆጻጸር እነሆ ናብ 30 ዓመት ይጽጋዕ ኣሎ።  እዞም ሽሞኛታት ግን፡  እዚ ህዝቢ ከም ህዝቢ እንታይ ክረክብ ተቓሊ? መተካእታ ዘይብሉ ክቡር ህይወት ደቁ ከፊሉ፡ ሕጂ ኣብ ከመይ ኩነታት ኣሎ? ጽባሕ እንታይ ክኸውንዩ? ብሓላፍነት ዝርኢ ሕልና ከም ዘለዎም ዝሕብር መረዳእታ የለን። እንትርፎ ንጎይታኦም ከሓጉሱን ከብዶም ክመልኡን ምስምስ እናፈጠሩ ከም ተመን ክቕጥቅጥዎን ከም ጸላኢ ቆጺሮም ክሃድንዎን ንድሕነት ክከላኸሉ ተራእዮም ኣይፈልጡን። ከም ካብ ኣብራኹ ዝወጽኡን ሚኒስተር ጀነራልየ ኢሎም ነብሶም ዝገልጹን መጠን ህዝቢ ክብደል እንከሎ ብወግዒ ኣይፋል ክብሉ ነይርዎም። ብእንስሳዊ ኣተሓሳስባ ስለ ዝምርሑ ግን፡ ኣብዚ ኣስታት 30 ዓመት ወገን ህዝቢ ዝኾንሉ ኣጋጣሚ ተራእዩን ተሰሚዑን ኣይፈልጥን። ካልእ ይትረፍ ካብ ውሽጦም ብገለ ህዝባዊ ኣስተሓኮ ዘለዎም ተበዓት ንዝለዓል መሰልና ክብረትን ህዝብና ዝትሕዝቶኡ ርእይቶን ዝግበር ምንቅስቓስን፡ ናብ ሓደ ሰብን ከብዶምን ወጊኖም ኣሕሊፎም ክብዎም፡ ክሃድንዎምን ክርሽንዎምን ›ምበር፡ ሓቆም ኢሎም ክከራኸርሎም ተራእዮምን ተሰሚየምን ኣይፈልጡን። ኣብዚ ኣገዳሲ ፖለቲካዊ ረቛሒታትዚ ኣወንታዊ ተራ ዘይጻወቱ ትካላትን ሓላፍትን

*ስማውያን ክበሃል ከኣ ኣብ ቦትኡ ይኸውን። ናይ ህዝቢ ትካላትን ኣመሓደቲ ህዝብን ዘይኮይኑስ ናይ ሓደ ሰብ ትካላትን ሸሞኛታትንዮም። ብዛዕባ ኩነታት ህዝቢ ናይ ትማሊ ታሪኹ፡ ናይ ጽባሕ ዕድሉ ግዲ ዘይብሎም ንሎሚ ጥራሕ ከመይ ንኅይታኦም የሐጉሱ፡ ከብዶም ይመልኡን ጥራሕ ዝሻቐሉ፡ ብሓሳብን ብተግባርን ኣገልገልቲ (ባሮት) ሓደ ሰብዮም።*

*ብሓሳብን ብተግባርን ኣገልገልቲ (ባሮት) ሓደ ሰብ ምዃኖም ዘረጋግጸልና፡ ንኣብነት ኣብ ሕጋውያን ደሞክራስያውያን ስርዓታት፡ ሚኒስትሪታትን ሚኒስተራትን ክበሃል እንከሎ፡ ብመጽናዕቲ፡ ብምርጫን ብቕዓትን ጥራሕ ዝርከብ፡ ብቐሊል ብውልቀ ሰባት ዘይዝወር ዓበይቲ ትካላትን ሓላፍነታትንዩ። እዚ ትካላትን ሓላፍነታትንዚ ካብ ግሉጽ ሕጋዊ ኣሰራርሓን ኣፍልጦ ህዝብን ወጻኢ፡ ብሰናይ ድሌት ሓደ ሰብ ኣይገላበጥን። ኣይ ድስክልን ኣይበራብርን።*

*ኣብ ኤርትራ  ዘለዎ ስማውያን ሚኒስትሪታትን ሚኒስተራን ኣብ ትሕቲኦም ዝርከቡ ሓላፍቲ ክፍልታትን ግን ኣይኮነን ንህዝቢ ነዛ ገዛእ ርእሶም ንመሰሎም ዝጣበቑ ዝከላኸሉ ኣይኮኑን። ብደረጃቲ ዝጽውዕሉ ስልጣን ብዛዕባ ትማልን ጽባሕን ዘይሓስቡ፡ ብሓሳብን ተግባርን ናብ ተንቀሳቓሲ ማሽን ሓደ ሰብ ዝተቐየሩ፡ ንእለቱ ከብዶም ከመይ ይመልኡ ጥራሕ ትኹረት ዝገብሩ ናትና ዝብልዎ ፖለቲካዊ መንነትን ሞራልን ዘይብሎም ኣገልገልቲዮም። እዚ ጥዑይ ኣእምሮ ናይ ዘለዎ ብመንነቱ ዝተኣማመን ሰብ ኣተሓሳስባ ኣይኮነን። እንስሳዊ ባህርን ኣተሓሳስባንዩ። ብተመሳሳሊ ናይ ኣመሓደርቲ፣ ኣምባሳደራትን ቆንስላትን ህግደፍ ኣተሓሳስባን ተግባርንውን ከምኡዩ።*

*ኣብ ሕጋውያን ደሞክራስያውያን ስርዓታት ኣማሓዳሪ፡ ኣምባሳደር፡ ቆንስላ ክበሃል እንከሎ ቀሊል ስልጣን ኣይኮነን። ዓቢ ሓላፍነትዩ። ኣብ ናይ ሎሚ ኤርትራ ግን ስልጣን ዝወሃብን ዝንፈግን ብሕግን ብህዝብን ዘይኮነስ፡ ብድሌት ሓደ ሰብዩ። ኣገልግለቱውን ንሓደ ሰብዩ። ንግዝያዊ ከብድኻ ክትመልእን ንክብሪ ሓደ ሰብን ጥራሕ ምንባር ካብ ሰብኣውነትን ሰብኣዊ ሕልናን ዝወረደ እንስሳዊ ኣተሓሳስባዩ።*

*ከምኡውን ኣብ ሕጋውያን ደሞክራስያውያን ስርዓታት፡ ውትህድርና ብግዴታ ዘይኮነ፡ ብድሌትካን ብፍልጠትን ትኣትዎ ክቡር ሞያ ምዃኑ ይፍለጥ። ብመሰረት ህዝባዊ ሃገራዊ ቅዋም ናይታ ሃገር ዘፍቅዶ ዝቐውም፡ ድሕነትን ዕቤትን ህዝቢ ማእከሉ ገይሩ፡ ካብ ደገ ንዝመጽእ ጸላእን፡ ካብ ውሽጢ ህዝባዊ ሃገራዊ ቅዋም ብሓይሊ ንምፍራስ ንዝለዓል ዓመጽ ንምቁጽጻርን ክሳብ ናይ ህይወት መስዋእትነትን ዝሓትት ረዚን ተልእኾ ዘለዎ ክቡር ዓውዲዩ። ኣብዚ ዓውዲ ካብ ዝተሓተ ክሳብ ዝለዓለ ናይ ጀነራልነት ዝወሃብ መዓርግ ድማ፡ ብመልክዕ ህያብ ብሰናይ ፍቓድ ናይ ሓደ ሰብ ዝወሃብን ዝንፈግን ዘይኮነስ፡ ንጹር ሕግታት ዘለዎ፡ ብሓዊ ተፈቲንካ፡ ብወተሃደራዊ ሳይንስ ተመልሚልካ፡ ብህዝባዊ ፖለቲካዊ ንቕሓት ተሃኒጽካ፡ ህዝባውን ስነ-ምግባራውን  መምዘኒታት ኣማሊእካ ዝርከብ፡ ኩርዓት ህዝብን ሃገርን ዝኾነ መዓርግ ( ስልጣን)ዩ።*

*ኣብ ኤርትራ ሃገርና  ካብ ዝተሓተ ክሳብ ዝለዓለ ብጀነራልነት ዝጽውዑ መኮንናት ግን፡ ኣይኮነን ህዝቢ እቲ መዓርግ ከመይ ረኺበሞ ወይ በጺሖሞ ክፈልጥ፡ ንጹር ሕጋዊ ቅጥዒ ስለ ዘየለ፡ ገዛእ ርእሶምውን እንታይ ምስ ኣማልኡ ተዋሂቦም ይፈልጥዎዮም ክትብል ኣጸጋሚዩ። ኩሉ ኣብ ሰናይ ድሌት ናይ ሓደ ሰብ ሽርሕን ጉርሕን ዝምርኮስ ስለ ዝኾነ፡ በየናይ መምዘኒታት መዓርግ ከም ዝተዋህቡ፡ ብምንታይ ምኽኒያት ከም ዝደስከሉ፡ መዓርጎም ከም ዝተቐንጠጡ፡ ከም ዝተኣስሩ፡ ወይ ከም ዝተቐትሉ ህዝቢ ከም ህዝቢ ዝፈልጦ የብሉን።  ንሳቶምውን ካብ ተራ ህዝቢ ዝሓሸ ኣፍልጦ ዘለዎም ኣይኮኑን። ኩሉ ዝፈልጥ ዝገብር ሓደ ሰብ ጥራሕዩ። እቲ ኣተሃናንጻ ከምኡ ስለ ዝኾነ ከኣ፡ ኣብቶም ብሓይልታት ምክልኻል፣ ሃገራዊ ድሕነት፣ ሃገራዊ ፖሊስ፣ ፍሉይ ኣሃዱ ‰.ወዘተ  ተባሂሎም ኣብ ዝጽውዑ ዝተፈላለዩ ክፍልታት በብድረጅኡ ዝርከቡ ወተሃደራውያን ሓለፍትን ተራ ኣባላትን ኣይኮነን ብዛዕባ ትማልን ጽባሕን ክሓሳቡ፡ ህዝባዊ ወገናውነት ተሰሚዕዎም ፍኒሕኒሕ ክብሉ፡ ገዛእ ርእሶም ሓራ ዘይወጽኡ ምሉእ ዕድሜኦም ብሳንቡእ ሓደ ሰብ ዘስተፍሱ እኩባት ሰብ ብረትዮም። እዚ ከኣ ብፍላይ ምስቲ ሰውራ ኤርትራ ዝመጽኣሉ ብሓፈሻ፡ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ንሃገራዊ ነጻነትን ሓርነትን ኣብ ወተሃደራዊ መደይ ምስ ዝነበሮም ትብዓትን ተወፋይነት መንጽር ክረኣን ክምዘንን እንከሎ፡ ኣዝዩ ዝገርም፡ ኣዝዩ ድማ ዘሕፍር፡ ካብ ሰባዊ ኣተሓሳባ ናብ እንስሳዊ ኣተሓሳስባ ዝወረደ ውድቀትዩ። ቅድሚ ሎሚ ኣብ ካልእ ሃገር ዘይተራእየ ናይ ኣተሓሳስባ ጉልበትን ባርነትዩ።*

**ሳልሳይ ክፋሉ ይቕጽል**

**ብሓልዮ ደሞክራሲያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ 29-10-2019**